ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
ቤት ጽሕፈት ኣቦ መንበር ፈጻሚ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
مكتب الرئيس التنفيذي

Eritrean National Council for Democratic Change
Office of the Executive Chairman
encdc.ex@gmail.com

# ጋዜጣዊ መግለጺ

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ወተሃደራዊ መሰጋገሪ ባይቶ ሱዳን፣ ነቶም ኣድማ ገይሮም ዘለዉ ሰላማውያን ንምብታን፣ ሓይሊ ብድሕሪ ምጥቃሙ፡ ኣብ ሱዳን ዝምዕብል ዘሎ ኩነታት ኣመልኪቱ ውሳኔ ክምዝውሰድ ክግመት ጸኒሑ'ዩ። ሚኒስትሪ ዜና ገባቲ ስርዓት ኢሳያስ ብዕለት 5 ሰነ 2019 ኣብ ዘውጸኦ ጋዜጣዊ መግለጺ፣ ከሎ ጌና ንምቕዳሙ፡ ንሕብረት ኣፍሪቃ ጉዳይ ሱዳን ኣህጉራዊ መልክዕ ከየትሕዞን፡ ነቲ ኩነታት ከየጋድዶን ኣጠንቂቑ። ኣብ ርእሲኡ'ውን መግለጺ ስርዓት ህግደፍ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ ድልየታት ህዝቢታት ኣፍሪቃ ኣብ ምርግጋጽ ከም ዝፈሸለን፡ ንግዳማዊ ኢድ ምትእትታው ጠንቅታት ኣብ ምፍጣር ግደ ይጻወት ምህላዉ ገሊጹ።

ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ወታሃደራዊ ዕልዋን፣ ዘይኣፍሪቃዊ ግዳማዊ ኢድ ምትእትታውን ብምቅዋምን፡ ህልው ቅልውላው ሱዳን ብህጹጽ ንምፍታሕ፣ ድልየት ህዝቢ ሱዳን ንምኽባርን፡ ሰቪላዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ንምቛምን ተሪር መርገጺ ገሊጹ ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ኩሎም ሱዳናውያን ሓይልታት ኣብ ሓባራዊ ፍታሕ ንምብጻሕ፡ ወተሃደራዊ መሰጋገሪ ባይቶን ሰቪላዊ ሓይልታትን ሃገራዊ ረብሓ፣ ልዕሊ ኩሉ ብምቕዳም፣ ብሓባር ከዓዩ ጸዊዑ ነበረ። ከምኡ'ውን ኣቶ ሙሳ ፈኪ ኮምሽነር ሕብረት ኣፍሪቃ ነቲ ኣብ ካርቱም ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣድማ ገይሮም ዝነበሩ ሰላማውያን ንምብታን ዝተወሰደ ዓመጻዊ ስጉምቲ ብምኹናን፡ ቅልጡፍ ምጽራይን መርመራን ክግበርን፡ ኣብ'ቲ ፍጻሜ'ቲ ኢድ ዘለዎም ሓለፍቲ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ክቀርቡን ጸዊዕት ኣቕርቡ'ውን ነበረ።

ንሕና ከም ፈጻሚ መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኣፍሪቃ ይኹን፡ ኣንጻር'ቲ ኣብ ሱዳን ስልጣን ናብ ሰቭላዊ ሓይሊ ብሰላማዊ መንገዲ ንምስግጋር ዘኽእል ጻዕርታቱን ዝኽተሎ ፖለቲካዊ ሃልኪታት ኣይገርመናን'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፣ እዚ ስርዓት'ዚ፣ ኣብ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ካብ ዝፍጠር ግጭታትን ዕግርግርን ተመጊቡን መዝሚዙን ዕድመ ዲክታቶርያዊ ስልጣኑ ንምንዋሕ ወትሩ ምስ ፈተነ ኢዩ። ንኣሕዋትና ሱዳናውያንን ኣፍሪቃውን ኣህጉራውን ማሕበረሰብን፣ ናይ'ዚ ስርዓት መግለጺ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ፡ ነቲ ህዝባዊ ሰውራ ሱዳን ዝድግፍ መርገጺ ህዝቢ ኤርትራ ዘውክል ከምዘይምኳኑ ደጊምና ነረጋግጸሎም።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ጎኒ ሰውራ ሓውና ህዝቢ ሱዳንን፣ ፍትሓዊ ዕላማኡን ደው ብምባል፡ ኩሎም ሰቪላውን ወትሃደራውን ፖለቲካውን ሓይልታቱ፡ ትጽቢታት ህዝቢ ሱዳን ንምርግጋጽን፡ ብኩሉ መከወኒታቱ ብሰላማዊ መንገዲ ናብ ሕገ-መንግስታውን ዲሞክራስያውን መድረኽ ንምብጻሕን፡ መሳርዖም ጠሚሮም፣ ኣብ መሰጋገሪ መድረኽ ዘጋጥሞም ብደሆታት ብሰላማዊ ኣገባብ ንምስጋር ክጽዕቱ ይጽውዕ።

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤ/ጽ
ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
6 ሰነ 2019